ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ም.ማ. المجلس الوطني لل الاريتريين في ألمانيا

ZENTRALRAT DER ERITREER IN DEUTSCHLAND e.V.

# *ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን*

## *ዕዉት ዓውደ ዘተ ምስ ዞባ ታሕታይ ሰሜን ጀርመን ኣብ ከተማ ዱስልዶርፍ ኣካይዱ!*

*ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ብዕለት 24-08-2019 ንኣባላት ህዝባዊ ውድቤታትን ግዱሳት መንእሰያትን ነባሮ ዞባ ታሕታይ ሰሜን ጀርመን (ኖርድ ራይን ቬስትፋለን) ከተማታት ዱስልዶርፍ ፡ ከለን ፡ ኦበርሃሰን ፡ ቩፐርታል ፡ ኤስን ፡ ክረፈልድ ፡ ሙንሽንግላድባኽን ከባቢኡን ዕዉት ዓውደ ዘተ ኣካይዱ።*

*መደብ ብኣቦ መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ዱስልዶርፍ፣ ኣቶ ተስፋስላሴ መዓሾ ፡ ብዝኽሪ ሰማእታትን ብድሕሪ ምኽፋት፡ ንተሳተፍቲ ምስ ኣባላት ሃገራዊ ሽማግለ ብምልላይ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ጽቡቕ ምንዮቱ ገለጸ። ቀጺሉ ጻሓፊ ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ኣቶ ሙሴ ፍስሃየ ፥ ቃል ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ኣቕረበ።*

*ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዘቕረቦ መግለጺ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ብሓሶትን ሽርሕታት ወያኔን መሻርኽቱን ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ክወርድ ዝጸንሐ ማእለያ ዘይብሎም ከበድቲ ተጻብኦታትን ዘይሕጋውን ዘይርትዓዊ እገዳን ብጽንዓትን ሓድነትን ሓያል መኸተናን ኣፍሺልና ሎሚ ኣብ ሃገርናን ከባቢናን ሰላማን ርግኣትን ሰፊኑ ኣብ ሃገራዊ ልምዓትን ቁጠባን ወፍሪና ምዕባይ እንርከበሉ እዋን ይኹን ደኣ እምበር ተጻብኦ ንሓዋሩ ኣብቂዑ ማለት ስለ ዘይኮነ ፡ መኸተ ዕጫና ካብ ከነ፡ ከም ወትሩ መልከዓት ቀያይሮም ንዚመጹ ተጻብኦታት ንድሕሪ ሕጂ'ውን ክንምክቶም ድሉዋት ክንከውንን፡ ነቲ ብቓልስና ዘውሓስናዮ ሰላማን ዕድልን ኣብ ጥብቃቑን ኣቶክሮን ኣድማዕነንትን ክንሰርሕ ይግባእ። ስለ ዝኾነ ንምሕያል ኤርትራዊ ዓቕሚ ኣብ ዲያስፖራ ን4ይ ግንባር ወኪሉ ተልእኮ ሃገርን መንግስቲን ከፈጽም ተበጊሱ ዶሮ ኣብ ሳልሳይ ዓመቱ ኣብ ስራሕ ዝርከብ ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን ክንሰርሕን ከነሕይሎን ናይ ኩልና ሓላፍነት እዩ ክብል ኣስመረሉ።*

*ቀጺሉ ኣብ ቀንዲ መደብ ናይቲ ዕለት ብኣቶ ተኸሉ ለባሲ ሓላፊ ህዝባዊ ዲፕሎማስን ዜናን ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ ዝቐረበ ኣገዳሲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ መረዳኢታ፣ ተልእኮን ቅርጺ ኣሰራርሓን ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ሃ/ጀርመን ዘተኮረ ሰፊሕ ዓውደ-ዘተ ኮይኑ ፡ ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ መስርሕ ህንጻት ሃገር ብሓፈሻ፡ ብቐረባ እውን ምስ ንጥፈታትን ተልእኮን ተራ ኣብ ወጻኢ ዘሎን ዝነጥፍን ፡ ኤርትራዊ መንነት ምሕያል፡ ኤርትራዊ ኮምን ውዳቤታቱን ህዝብን ምንቃሕ ምውዳብን ምዕጣቕን፡ ማለት ዕጥቂ ብፍልጠትን ብዓቕምን ኮይኑ ሓበራዊ ምኹስኳስን ምዕባይን ፡ ከም ኡውን ተመልላእን ውሁደትን ዘለዎን ውዳቤ ብምህናጽ ኣድማዕነት ምርግጋጽ እዩ ክብል ኣስመረሉ። ኣቶ ተኸሉ ቀጺሉ ኣብ ዓንድ ሕጊን ፡ ኣሰራርሓን ሃገራዊ ሽማግለን ኣመልኪቱ ፡ ኣብ ሕጋዊ መዳያትን ውዳቤታትን ኣብ ጀርመን ፡ ቅዋም ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያንን ህሉው ኩነታት ኤርትራውያን ኣብ ጀርመንን፡ መድረኻት ምዕባለ ዓለምናን ምጥቃምን፡ ምምዝማዝን ጽጋታት ጀርመንን ዘጠቓለለ ኣገዳሲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ብድሕሪ ምቕራብ ነዚ ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ንምህናጽ ውሁድን ጥሙርን ሓያልን ውሑስን ኤርትራዊ ኮማዊ ሓይሊ ዘረጋግጸሉ ናይ ቀረባን ርሑቕን ዕላማታትን ፡ ውጥን ስራሕን መጻኢ ወለዶ ክረብሓሉ ምእንትን ግብራዊ ንኽኸውን ሓያል ተሳትፎ ጻዕርን ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ጀርመን ከምዘድልዮን፡ ኣስፊሑ ገለጸ።*

*ተሳተፍቲ ሰሚናር ኤርትርውያን ነባሮ ኖርድራይን ቬስትፋለን (ጀርመን) ብልዑል ኣቓልቦን ተገዳስነትን ኣብቲ ተኻየደ ዓውደ ዘተ ብምስታፍን፡ኣብ ነውስወከፍ ዛዕባታት ሰፊሕ ክፉት ናይ ክትዕን ዘተን ሕቶን መልስን ብድሕሪ ምክያድ ፡ ነዚ ኣገዳሲ ሃገራዊ ተልእኮ፡ ብግቡእ ብምርዳእ ንዓላማን መምርሕን ሃገራዊ ሽማግለን ንምትግባርን ንተወጢኖም ዘለዉ መደባት ሃገራዊ ሽማግለ ንምዕዋት ድልዋት ምዃኖም ዘረጋገጽሉ ኣኼባ ተኻይዱ።*

*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ*

*ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና*
*ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ዞባ ታሕታይ ሰሜን ጀርመን ዕለት 25.08.2019*